Skolverket

ናብ
ተመሃራይ 9ይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ
ወይከኣ ተመሃራይ 10ይ ክፍሊ ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ

# ሃገራዊ መርመራ

ሰላም!

እዛ ደብዳበ ትመጸካ ዘላ ምኽንያት፡ ኣብዚ ዓመተ-ትምህርቲ’ዚ፡ ብሽወደንኛ፡ ብሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ፡ ብእንግሊዝኛ፡ ብሕሳብ፡ ከምኡውን፡ ብሓደ ካብ ዓይነታት ትምህርቲ ባዮሎጂ፡ ፊዚክስ ወይ ኬሚስትሪ፡ ከምኡውን፡ ብሓደ ካብ ዓይነታት ትምህርቲ ጂኦግራፊ፡ ፍልጠት ሃይማኖት ወይ ማሕበራዊ ፍልጠት ሃገራዊ መርመራ ክትገብር ስለ ዘኾንካ’ዩ።

ዕላማ ናይ ሃገራዊ መርመራ፡ መምህራንካ ንፍልጠትካ ኪመዝኑ ከለዉ ከም ደገፍ ንኺኾኖም’ዩ። ትሕዝቶን ቅርጽን መርመራታት ኪውሰን ከሎ፡ ኣብቶም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ዘለዉ መደባት ትምህርቲ’ዮም ከም መበገሲ ዚኾኑ። ናይ ሃገራዊ መርመራ ውጽኢትካ፡ ብዝተኻእለ መጠን ርትዓዊ መዛዘሚ ነጥቢ ክትረክብ ዘኽእል ሓደ ክፋል ናይቲ እኩብ ገምጋም ትምህርቲ’ዩ።

እቶም መርመራታት፡ ብተልእኾ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት) ኣብ ናይዚ ሃገር ዝተፈላለዩ ዩኒቨርስታት ይህነጹን ይምዕብሉን። ኣብቶም መርመራታት ዘለዉ ሕቶታት፡ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዘለዉ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣብያተ ትምህርቲ ተፈቲኖም’ዮም። እዞም መርመራታት ኪዳለዉ ከለዉ፡ ተመሃሮን መምህራንን ዝሃብዎም ርእይቶታት ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም’ዮም።

መምህራን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ንዕለት መርመራ፡ ገምጋምን ካልእ ንመርመራ ዚምልከት ሓበሬታ ኪህቡኻ’ዮም።

## ሽወደንኛን ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን

ሃገራዊ መርመራ ሽወደንኛን ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን ብሰለስተ ክፋላት ዝቕመ’ዩ።

*ክፋል መርመራ “A”* ኣብ ሰለስተ መዳያት እትግምገመሉ ናይ ቃል መርመራ’ዩ፡-ትሕዝቶ ምቕራብ፡ ክትዕ ምምራሕን ኣብ ክትዕ ምስታፍን። ሓደ ሓጺር ጽሑፍ፡ ስእሊ ወይ ክፋል ፊልም፡ መበገሲ ናይቲ እተቕርቦ ትሕዝቶን ዚስዕብ ዝርርብን ይኸውን። ኣብ *ክፋል መርመራ ‘B’*ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ናይ ምንባብ ብቕዓትካ ተርኢ። ኣብ መዓልቲ መርመራ ጥማር ጽሑፍን ብግምት 30 ዚኣኽሉ ነቲ ጽሑፍ ዚርእዩ ሕቶታትን ትወሃብ። ፈለማ ሓደ ናይ ጽሑፍ መንሹር ብምንባብ ትጅምር፤ ብድሕሪኡ ሕቶታት ይወሃበካ። *ክፋል መርመራ “C”* ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ዘሎካ ናይ ምጽሓፍ ብቕዓት ይመዝን። ሰለስተ ክትመርጾም እትኽእል ኣማራጽታት ይወሃበካ።

## እንግሊዝኛ

ኣብቲ ሃገራዊ መርመራ እንግሊዝኛ፡ እንግሊዝኛ ብዘረባን ብጽሑፍን ናይ ምጥቃም ዘሎካ ብቕዓትን፡ ንእትሰምዖን ንእተንብቦን እንግሊዝኛ ናይ ምርዳእ ዘሎካ ብቕዓት ተርኢ። *ክፋል መርመራ “A“* ናይ ምዝታይን ምዝራብን ብቕዓትካ እተርእየሉ ናይ ቃል መርመራ’ዩ። ኣብ *ክፋል መርመራ “B”* ቅድም ቀዳድም ኣንቢብካ ናይ ምርዳእን ሰሚዕካ ናይ ምርዳእን ብቕዓትካ ተርኢ። *ክፋል መርመራ “C”* ብእንግሊዝኛ ጥሙር ጽሑፍ ናይ ምጽሓፍ ብቕዓትካ እተርእየሉ ጽሑፋዊ መርመራ’ዩ።

## ሕሳብ

ሃገራዊ መርመራ ሕሳብ ኣርባዕተ ክፋላት መርመራ ዝሓዘ’ዩ። *ክፋል መርመራ “A“* ሕሳባዊ (ማተማቲካዊ) ክእለት ምምዝዛን ናይ ምክትታልን ናይ ምቕራብን ብቕዓትካ ይፍትን። ናይ ካልኦት መግለጽን መጎተን ክትፍትን’ውን ዕድል ይወሃበካ።

Skolverket

*ክፋል መርመራ ‘B’’* ብዘይ ዲጂታላዊ መሳርሕን ቈጽሊ ፎርሙላን ኪምለሱ ዘለዎም ሕቶታት ዝጠርነፈ’ዩ። ንገለ ካብቶም ሕቶታት ብዝርዝር ክትገልጾም ኢኻ፤ ንዝተረፉ ከኣ ሓደ መልሲ ጥራይ ክትህበሎም ኢኻ። *ክፋል መርመራ “C’’* መልስታትካ እትህበሉ፡ መጽናዕቲ ዘድልዮ ዝዓይነቱ ኮይኑ፡ ኣዝዩ ግፍሕ ዝበለ ሕቶ’ዩ። *ክፋል መርመራ ‘D“* መልስታትካ እትህበሎም ሓያለ ሕቶታት ዝጠርነፈ’ዩ። እቶም ሕቶታት ዚበዝሕ እዋን ኣብ ሓደ ዓይነት ቴማ ዝተጠርነፉ’ዮም።

## ባዮሎጂ፡ ፊዚክስ ወይ ኬሚስትሪ

ኵላቶም ኣብ ቤት ትምህትኻ ዚመሃሩ ተመሃሮ፡ ብሓደ ዓይነት ትምህርቲ ሃገራዊ መርመራ ይገብሩ። ኣየናይ ዓይነት መርመራ ኣብ ቤት ትምህርትኻ ከም ዚወሃብ ብግምት ሰለስተ ሰሙን ቅድሚ ዕለተ-መርመራ ኢኻ ትፈልጥ።

ኣብ *ክፋል መርመራ “A1“* ማለት፡ እቲ ቲዮረቲካዊ (ክልሰ-ሓሳባዊ) መርመራ፡ ሳይንሳዊ ዝምድና ንምብራህን ንምግላጽን ዘሎካ ፍልጠት ትጥቀም። ኣብ *ክፋል መርመራ “A2“*ሓበሬታ ንምምርማር፡ ንጥዕና፡ ንጸዓት፡ ንቴክኒክ፡ ንከባቢ፡ ንባህርያዊ መዓላን ንኤኮሎጂያዊ ዘላቕነትን ኣብ ዚምልከቱ ሕቶታት ንምሕባርን መርገጽ ንምውሳድን፡ ኣብ ባዮሎጂ፡ ኣብ ፊዚክስ ወይ ኣብ ኬሚስትሪ ዘሎካ ፍልጠት ክትምርኮስ ኤኻ። ኣብ *ክፋል መርመራ “A3“* ሓደ መጽናዕቲ ትምድብ። ኣብ *ክፋል መርመራ ‘B’’*፡ ማለት እቲ መርመራ ላቦራቶሪ፡ መጽናዕቲ ኣካይድካ በቲ ውጽኢት ኣብ ሓደ መደምደምታ ትበጽሕ።

## ጂኦግራፊ፡ ታሪኽ፡ ፍልጠት ሃይማኖት ወይ ማሕበራዊ ፍልጠት

ኵላቶም ኣብ ቤት ትምህትኻ ዚመሃሩ ተመሃሮ፡ ብሓደ ዓይነት ትምህርቲ ሃገራዊ መርመራ ይገብሩ። ኣየናይ ዓይነት መርመራ ኣብ ቤት ትምህርትኻ ከም ዚወሃብ ብግምት ሰለስተ ሰሙን ቅድሚ ዕለተ-መርመራ ኢኻ ትፈልጥ።

ክልቲኦም *ክፋል መርመራ “A“* ምስ *ክፋል መርመራ ‘B’’* መርመራታት ጽሑፍዮም፤ ኣብቶም ዝተፈላለዩ መደባት ትምህርቲ ንዚግለጹ ብቕዓታት ከኣ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይመዝኑ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ይርከብ፤

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሃገራዊ መርመራ ኣብ መካነ-መርበብ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት) ኣሎ።

**www.skolverket.se/bedomning**

ካብ መርመራ ዝተወሰዱ ኣብነታት ሕቶ ዚመርሖ ሓበርቲ መንገዲ’ውን ኣብኡ ኣለዉ።

## ምስ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት) ርክብ ንምግባር

**knationellaprov@skolverket.se**